# ሓደ ህዝቢ ኢና

ህዝቢ ትግራይ፥ ካብ መበቆሉ ጀሚሩ ዓርሰ ምሕደርኡ አረጋጊጹ ዝሓደረ ሉኣላዊ ህዝቢ ንሙኻኑ መሰኻኽር ዘድልዮ ኣይኮነን። ታሪኽ ከም ዝሕብሮ ህዝቢ ትግራይ፥ ካብ ተጽዕኖ ናይ ደገ ሓይልታት ነጻ ዝኾነ ናተይ ዝብሎ ታሪኽ፣ ስርዓት፣ ምሕደራ፣ ባህሊ፣ ፖለቲካን ስልጣንን ሒዙ ዝመፀን ዘሎን፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘመናት ከም ህዝቢ ከንበርክኽዎን ከጽንትዎን ኣብ ልዕሊ ህልውንኡን መንነታዊ ኽብሩን ዝተልዓሉ ናይ ቀረባን ናይ ርሑቕን ፀላእቱ እናመከተን መስዋእትነት እናኽፈለን ሓድነቱ ዘመስከረ ብርቱዕ ተቓላሳይ ህዝቢ ‘ዩ። ትግራዋይ ከም ውልቀ ሰብ ዝመስሎን ዝደለዮን ፖለቲካዊን ማሕበራውን ምልከታትን ኣተሓሳስባትን እንተሰነመውን ከም ህዝቢ ግን ትግራዋይ ሓደ ህዝቢ ‘ዩ። ብምኻኑ ድማ፥ ትግራዋይ ከም ህዝቢ ኣብ ናይ ካልኦት ብሄር ብሄራትን ህዝብታትን ጣልቃ ናይ ምእታው ድሌት ከም ዘይብሉ ኹሉ ካልኦት ኣብ ጉዳዩ ጣንቃ ኣትዮም ንኽፍትፍቱ ዝፈቅድ ህዝቢ ኣይኮነን፤ ከምዚ ዝበለ ታሪኽ ‘ውን የብልናን። እቲ ሕቶ፥ ውሕስነት ህልውናና ዝኾነ ሓድነትና ከም ንሓልዎ? ዝብል ‘ዩ።

ሃለዋትን ደሕንነት ትግራዋይ፥ ከም ህዝቢ ሓደ ህዝቢ ኾይና ደው እንተልና ጥራሕ ‘ዩ። ትግራዋይ ከም ውልቀ ሰብ፥ ዝደለዮ ሃይማኖት፣ ባህ ዝበሎ ማሕበራዊ አንፈት፣ ዝመረፆ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ፥ ናይ ምኽታል፣ ናይ ምስጓምን ደስ ዝበሎ ደርፊ ወሊዑ ናይ ምልሃይ ዘይገሃስ መሰል ዘለዎ ወዲ ዓዲ ‘ዩ። ትግራዋይ ሓደ ህዝቢ ‘ዩ ክበሃል ከሎ፥ ሓንቲ ሃይማኖት፣ ሓንቲ ናይ ፖለቲካ ውዳበ/ፓርቲ፣ ሓንቲ ሚዲያ ይከደን፣ ይከተል! ወይ ድማ ሓንቲ ደርፊ ከፊቱ ይለሀ ማለት ዘይኮነ ትግራዋይ ሓደ ህዝቢ ‘ዮ ክበሃል ከሎ፥ ውልቃዊ መሰላቱ ተሓልዮምሉ እንትበቅዕ ከም ህዝቢ ንሃለዋቱ፣ ንኽብሩን ንመንነቱ ዘይዋጋ ህዝቢ ማለት ‘ዩ። ሃይማኖትካ፣ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኻን እምነትካን ንውድብ ስለ ዘይትመስልን ዘይትኽተልን፣ ውድብ ስለ ትቃወም፣ ንሕና ዝበልናዮ ስለ ዘይትገብር፣ ንዓና ስለ ዘይትሰግድ፣ ካብ ፍቓድናን መሓውራትናን ወጻኢ ስለ ትንቀሳቐስ፥ ንስኺ/ንስኻ ትግራዋይ ኣይኮንካን ዝብል ዝመረተ ኣተሓሳስባ ብኣንጻሩ ጸረ-ትግራዋይነት ‘ዩ። ብመሰረቱ፥ ንስኻ ትግራዋይ ኢኻ፥ ንስኻ ከምዚ ኢኻ ናይ ምባል መሰልን ስልጣንን ዘለዎ ውልቀ ሰብ ኮነ ጉጅለ የለን። ውልቃዊ ረብሓታቱ ንምሕላው ዓሊሙ ዝተፈላለዩ ናይ ሓሶት ታፔላ እናለጠፈ ተጋሩ ዝኽፈፍልን ዝብትንን ትግራዋይ ውልቀሰብ ይኹን ውዳበ የለን ኢልካ ምሕሳብ ግን ህስነት ‘ዩ።

## ትግራዋይነት እንታይ ‘ዩ?

- ❖ ትግራዋይነት፥ ይዕበ ይንኣስ ትግራዋይ ዘበለ ኹሉ ንመሰሉን ረብሓታቱን ሓደ ህዝቢ ኼንካ ደው ምባል ‘ዩ።
- ❖ ትግራዋይነት፥ ህዝቢ ትግራይ እንታይ ክበልዕን ክሰትይን፣ በበይ ክኣትውን ክወፅእን፣ ከመይ ክኸይድን እንታይ ክገብርን ከም ዘለዎን ከም ዝግብኦን ክነግርዎን ከምህርዎን ዝደልዩ ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ሓይልታት እምብለይ ጠንጠነለይ ማለት ‘ዩ።
- ❖ ትግራዋይነት፥ ቁጽርና ከም መልክዕና እልፍ ኣእላፋት ኮይና ክነብቅዕ፥ ንሃለዋትናን ድሕንነትና፣ ንኽብርናን ንመንነትናን ከም ሓደ ህዝቢ ደው ምባል ‘ዩ።
- ❖ ትግራዋይነት፥ ዓንድን ፅላልን ኮይኑ ከም ህዝቢ ደው ዘበለና፣ ዋሕስ ህላውናን መንነትን ‘ዩ።
- ❖ ትግራዋይነት፥ ትግራዋይ ነፍሱን ዓዱን ሓልዩ ንኽነብር ዘኽእሎ ኒኩለር ቦምብ ‘ዩ (ኣባህላይ እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ከብራህርሆ ‘የ)።

ምስዚ ብዝተተሓሓዘ ንኹሉልና ግልጺ ክኸውን ዘለዎ ሓቂ እንተሃለወ፥ ምንጪ ናይ ትግራዋይ ናይ ቃልሲ መንፈስ ብዝምልከት ‘ዩ። ናይ ትግራዋይ ናይ ቃልሲ መንፈስ ሓደ ሓደ ሕንከት ዘይፈልጡ፣ ብጥቕምን ብስልጣናን ዝዓወሩ፣ ብናይ ትማሊ ሰዓት ዝቐፅሩ፣ ፈጺሞም ካብ ሕሉፍ ዘይመሃሩ ሰበት ክነግሩና ከም ዝፍትንዎ ዘይኮነ፥

- ፍልፍል ናይ ትግራዋይ ናይ ቃልሲ መንፈስ ዓላማ ዝማእኸሉ ብሄርተኛ ትግራዋይነት ‘ዩ። ዘይነበርናሉ ዘመን (1967 ዓ/ም) ገዲፊና ናይ ሎሚ ነውግዕ እንተይልና “ውድብ ናብ ስልጣን ትመለስ፣ በዓል እገለን እገሊትን ናብ ስልጣኖም ይመለሱ” ኢሉ ዝተቓለሰን ዝቃለስን ትግራዋይ የለን ክህልውን ‘ውን ኣይኽእልን። ጥቕምን ስልጣንን በየብዕቲ ዝቑፀሩ ውልቀ-ሰባት ንኽሕልው ህይወቱ ዝገበረ ትግራዋይ የለን። ካልኦት ንዝቕመጥዎ ስልጣን ኣካሉ ዘጉድል፣ ህይወቱ ዝግብር ሰብ እንተሃልዩ ብሓቂ ስሑት መዓልቲ ውዒሉ ‘ሎ።

ተዘይውለድ ድማ ምሓሾ። ብዝተረፈ ግን፥ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝነብር ትግራዋይ ኩሉ ዝገበሮ ንኽገብር ዘገደዶ ምሽጢር ናይዚ ቃልሲ፥ ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነቱ ‘ዩ።

- ትግራዋይ ከም ሓደ ህዝቢ፥ ባህሉ፣ ታሪኹ፣ መንነቱ፣ ሉኣላዊነቱን ዐርሰ ምሕደርኡን ዐቂቡ ክቕፅል ዘኽኣሎን ዝኽእልን ብናይ ካልዖት ግዳማዊ ሓይልታት ፍቓድን ይሁንታን ዘይኮነ፥ ኣብ ሕድሕድ ትግራዋይ ደም ውሽጢ ዘሎ ብሔርተኛ ትግራዋይ እምነትን ኣታሓሳስባ ‘ዩ።
- ትግራዋይ ከም ህዝቢ ካብ ጥፍኣት ዘድሓኖ ዓላማ ዘማእኸለ ብሄርተኛ ትግራዋይ ማንነቱ ‘ዩ።
- ትግራዋይ ዘበለ ኹሉ ብሄርተኛ ተዘይኸውን ነይሩ፥ ትግራዋይ ዝበሃል ህዝቢ ኾነ ትግራይ እትበሃል ዓዲ ይትረፍዶ ህልውና ክነብሮም ካብ ካርታ ተፋሒቖም ንታሪኽ ኣይምተረፉን። እቲ ሓቂ፥ መንእሰይ ትግራይ ብሄርተኛ መንነቱ ከም ሓዊ ተዘየንድዶ ነይሩ፥ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ እናጨወየ፣ መስዋዕትነት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ንውልቃዊ ረብሕኡ ምውዓል ዝለመደ፣ ክሕደትን ጥልመትን ዘይመነየ፣ ካብ መርሸንትን ማእሰርትን ዝተረፈ መሪሕነት ትግራይ ኣይምተረፈን፤ በታዝወፃ ድማ ምተቐብረ ነይሩ።
- ብሸውዓተ ኣንፈት ዝመጸ ወራሪ ሓይሊ መኪቱ ጉሒላታት ኣስመራን ማእኸል ዓድን ዘረብረበ ህዝቢ ትግራይ ሕዚ ‘ውን ካሊእ ምስጢር ሃልይዎ ዘይኮነ፥ ነባር መሪሕነት ትግራይ ምእንቲ ስልጣኑን ውልቃዊ ረብሕኡን ክብል ንዝሓለፉ ዓሰራ ዓመታት ዘስኣነና፣ ዝቐንጠጠናን ዝዘረፈናን፥ ሓድነትና፣ ብሄርተኛ ትግራዋይ እምነትናን ቅዋምናን ‘ዩ።
- ትግራዋይ፥ ናይ ዓላማ ሓድነት ሃሊይዎ ከም ሓደ ሰብ ደው ኢሉ ጻላእቱ ንኽምክት ዘኽኣሎ ሓይሊ፥ ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነቱ ‘ዩ።
- ህዝቢ ትግራይ፥ ንዘልኣለም ከም ጨው ተበቲኑ ኣደዳ ስደትን ባርነት ካብ ምኻን ዘድሓኖ መሪሕነት ሓደ ጉጅለ ዘይኮነስ መሪሕነት ብድውሉ እንትብስብስን እንትዕስውን መራሒ ናይ ምፍጣር ሓይልን ጉልበትን ዘለዎ ንሃለዋቱን ድሕንነቱን ዘይዋገ ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነቱ ‘ዩ።
- ኢትዮጵያን ኤርትራን ሰይጣናዊ ሓዳር ገይረን ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝፈጸመኦ ወራር ዘመክነ፥ ሓድሽ ወለዶ ብሔርተኛ ትግራዋይ ‘ዩ። ከም መሪሕነት ኣስተዋጽዖ ነባር ተጋዳላይ ትግራይ ዝተፃወቶ ሚና ከም ዘሎ ኾይኑ ብሚዛን ተወፋይነት እንተ ርኢናዮ ግን ነባር ተጋዳላይ ዝበሃል ካብ ሚኢቲ ሓደ ኣይመልእን። ዝተገበረ ቃልሲ ንኽዕወት 99.9% ዝሞተን ዝሰንከለን እዚ ሓድሽ ወለዶ ብሄርተኛ ትግራዋይ ‘ዩ። ‘ንሕና ተዘይንነብር ኔርና” ዝብል ጉጉይ ኣባህላ፥ መስዋእትነት ሓድሽ ወልዶ መንእሰይ ትግራይ ምንሻው ‘ዩ። እቲ ሓቂ፥ እታ ኽምዚኣ ዝብሉ ዘለው ሰባት ተዘይህልው ነይሮም፥ ኣብዚ ኹሉ ደምነት ኣይመኣተናን ህዝቢ ትግራይ ‘ውን ከም ሰቡ ብሰላም ምነበረ ነይሩ።

## ብሄርተኛ ትግራዋይ ‘የ! ማለት
## ዘነውርን ዘሕፍርን ዘይኮነ ዘሕብንን ዘኽብርን ‘ዩ

ትግራዋይነት ብመነጽር ሥነ መለኮታዊ እምነትን ኣተሓሳሰባን እንተ-ርኢናዮ፥ ንጉስ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ (መዝ: 139፥14)፥ “ፅቡቕን ተብሃግን ጌርካ ፈጢርካኒ ኢኻሞ የመስግነካ” ከም ዝበሎ፥ ትግራዋይ መንነት ዋላኳ ፈቲናን መሪፅናን ዝሓዝናዮ መንነት ኣይኹን ድኣምበር ስሕተት ዘይፈልጦ ኣምላኽ ዝሃበና ዘየሕፍር ሰማያዊ ህብተ በረከት ‘ዩ። ትግራዋይ ምኻን ናይ ሰብ ሓሳብ ተዝኸውን ነይሩ ከምዚ ዝበለ ሓሳብ ናይ ምቕባልን ናይ ዘይምቕባል ሙሉእ መሰል ኣለና። ኮይኑ ግና፥ ካብ ተጋሩ ወለዲ ተወሊድካ ናይ ትግራይ ስነ ልቦና ዘለካ ትግራዋይ ብተፈጥሮኻ ትግራዋይ ኢኻ። ትግራዋይ ካብ ሙኻን ሓሊፍካ መን ክትከውን ትደሊ? መንነትካ ሓቢእኻ ኢኻ ብሰላም ክትነብር ትኽእል ዝብል እንተሃልዩ ድማ ጌጋ ‘ዩ። ንምኻኑ መንነትና ንሓብኣሉ ምኽንያት እንታይ?

ብቛንቋኻ፣ ብባህልኻ፣ በተሓሳሰባኻ፣ በመጋገባኻ ትግራዋይ ተኾይንካ - ብመንነትካ ትግራዋይ ኢኻ፤ ካሊእ ክትከውን ኣይትኽእልን። ስለ ዝኾነ ድማ፥ ትግራዋይ መንነት ክበሃል ከሎ ዘሸማቕቕ፣ ዘየሳኒ፣ ኣሉታዊ ናይ ሰብ ሓሳብ/ስራሕ ዘይኮነ ትግራዋይ መንነት ናትና እንብሎ መግለፂ ሃለዋትናን መንነትና ‘ዩ። እቲ ሓቂ፥ ዝኾነ ይኹን ውልቀ-ሰብ/ማሕበረሰብ፥ ከም ነፍሱ ተተቐቢልና ክቕበለና ዘለዎን ዝገባእን ከም ተጋሩ ክቕበለና ይገባእ። ሰባት ንኽቕበሉና ተባሂሉ ግን መግለፂ ሃለዋትና ዝኾነ ተፈጥሯዊ መንነትና ኣይንድርብን። ዝወዓልናዮ ዕለት ድማ፥ ሃለዋትናን

ድሕንነትን ኣብ ሓደጋ ዘእትው ፖለቲካዊ ውድቀት ጥራሕ ዘይኮነ ኣንጻር ፈጣሪ ዝኾነ እምነት ምስጓምና ምኻኑ ‘ውን ምርዳእ ኣድላዪ ‘ዩ።

ትግራዋይ ከም ውልቀ-ሰብ ኮነ ከም ህዝቢ፥ “ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነት” ናይ ካልኦት ብሔር ብሔረሰባትን ህዝብታትን ረብሓ ዝጻፉእ፣ ናይ ሁከትን ዕግርግርን ፍልፍል ‘ዩ ኢሉ ኣይኣምንን። ትግራዋይ መንነት ናይ ‘ሁከት’ ፍልፍል ‘ዩ ኢሉ ዝኣምን፥ ‘ክበልዕዋያ ዝደለዩ ኣባ ጉንባሕስ ዛግራ ዛግራ ይብልዋ’ ከም ዝበሃል መንነትና ገዲፍናን ደርቢናን ንዕዑ ንኽንመስል፣ ክንሰግደሉን ባሮት ኮይና ክነገልግሎን ዝደሊ ዓብላላይ ኣካል ጥራሕ ‘ዩ። ተፈጥሮኣዊ መንነትና ምሕላውን ምክልኻልን ነውሪ ኣይኮነን፤ ሁከትን ዕግርግርን ምፍጣር ‘ዩ ተባሂሉ ክትርጎም ድማ ኣይኽእልን። ሓደ ሰብ ትግራዋይ ኮይኑ ክነብር ዘይክእል እንተ-ኾይኑ ንምንታይ ተፈጢሩ? ትግራዋይ ሙኻን ገበን ተኾኑ መጀመርትኡ ካሊእ ኾይኑ ምውላድ ኣይምቸለለን ዶ? ዝብል ሕቶ እንተሃልዩ ሓቢርና ንፈጣሪ እነቕርቦ ሕቶ ‘ዩ ክኸውን ዝኽእል። ካብ ተፈጥርና ንሕቶና ካብ ፈጣሪ ምላሽ ክሳብ ንረክብ ግን ከም ሰብና ብመንነትና ከይተሸማቐቕና ንሃለዋትናንት ድሕንነትናን ክሳብ መወዳእታ ክንቃለስ ኢና። ከረብርቡና ድዮም ክነረብርቦም ክፍለጥ ዝኽእል ድማ ሕድሕድና ድርሻናን ኣስተዋጽዖናን ፈሊጥናን ተረዲእናን ንመንነትና ደው ምስንብል ጥራሕ ‘ዩ።

ሕዚ ‘ውን፥ ብሄርተኛ ትግራዋይ ‘የ! ማለት ስለ ነፍሰይ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፣ ድለየቱ ሃይማኖት ይከተል፥ ወጽዓ ትግራዋይ ዘበለ ኹሉ ወፅዓይ ‘ዩ! ኢልካ ምእማን፣ ኣብ ሕማቕን ፅቡቕን ወገንካ ማእገር ሰብካ ምኳን፣ ንሃለዋትናን ድሕንነትናን ከም ሓደ ህዝቢ ንሓደ ዓላማን ተልእኾን ተሰሊፍካ ምቅላስ ምኽኣል ‘ዩ ሞ ትግራዋይ መንነትና ኣጽንዒና ክንሕዝ ይግባእ። ምኽንያቱ? ዋሕስ ህልውና ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ብሓደ ናይ ፖለቲካ ውድብ/ጉጅለ ዝረጋገጽ ጉዳይ ዘይኮነ፥ ትግራዋይ ዘበለ ኹሉ ብማዕረ ዓይኒ ዝርኢን ዘሳትፍን፣ ወሃብን ከልካልን ዘይብሉ ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነትና ብምኳኑ ‘ዩ።

- ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነት፥ ሓፁር ሃለዋትን ድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ‘ዩ።
- ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነት፥ ነፍስኻ ካብ ካልኦት ህዝብታት ኣብሊፅካ፣ ፈሊኻን ኣልዒልካን ምርኣይ ዘይኮነ ብሽም ሀገርን ሓድነትን ከም ጨው ከሕቘቘኻ ዝመኽሩ ነፍስኻ ምሕላው ‘ዩ።
- ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነት፥ ኣብ ጉዳይ ካልኦት ህዝብታት ኢዱ ዘይሰድድ፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳዩ ኢድ-ኣእታውነት ካልኦት ዘይፈቅድ ‘ዩ።
- ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነት፥ ‘ሁከተኛ’ ማለት ዘይኮነ ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነት ማለት፥ ሓለፋ ዘይደሊ፣ ሓውን ሓፍቱን ዝፍተው፣ ስለ-ኣቶም ድማ ነፍሱ ኣሕሊፉ ዝህብ ‘ዩ።
- ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነት፥ ንዓይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ዝብል ዘይኮነ፥ ዓዱን ሰቡን ዝፈትው፣ ዓዱን ሰቡን ካብ ፀላኢ ንምሕላው ዋጋ ንምኽፋል ዘየጉበዕብዕ ‘ዩ።
- ብሄርተኝነት ኣብ ኢድ ህዝባዊ ኣጀንዳ ዘይብሎም ፖለቲከኛታትን ንውልቀ ረብሓ ኦም ደው ዝበሉ ውልቀ ሰባት ክኣትው ከሎ ናይ ባዕሉ ሓደጋ ኣለዎ። ብሄርተኛ ትግራዋይ መንነት እምነት ነፍስ ወከፍ ትግራዋይ ክኸውን ከሎ ግን ሞትናን ጥፍኣትናን ንዝመነዮልና ኣካላት ኩሎም ዘይወሓጥ መሪር መድሓኒት ‘ዩ።

ፀላእትኻ እዛ ሓቂ እዚኣ ስለ ዝፈልጡ ግን፥ ብሃይማኖት ሽፋን ከይተረረፈ ቀሽን ፈላስን እናለኣኹ ‘ብሄርተኛ’ ማለት “ከፋፋሊ” ማለት ‘ዩ እናበሉ ከሽማቘቑኻ ዝረኣዩ። መፍትሒኡ? ከምቲ ቕድም ኢሉ ተደጋጊሙ ዝተገልፀ፥ ትግራዋይ መንነትና ብዝምልከት ከም ህዝቢ ዘየማትእ ግልፂ ዝኾነ መርገፂ ምሓዝ ‘ዩ። ብውልቀ ይኹን ከም ህዝቢ፥ ነፍስና (ትግራዋይ ማንነትና) ወቕቲ እናሓለና እነልዕሎን እንድርብዮን ከምኡ ድማ መመሳመስቲ ክንከውን ኣይግባእን። ወለዲ “ሰብ-ዋንኡያ ዝነዓቕዎ ጨውሲ እምኒ ‘ዩ ኢሎም ይድርብይዎ” ከም ዝበልዎ ንሕና ናይ ፖለቲካ ሸውላለ እናተፃወትና ካልኦት ኢዶም ዘርጊሖም ክቕበሉና ‘ዮም ኢልና ከይነሓስብ። ካልኦት ንኽቕበሉካ መጀመሪያ ነፍስኻ ተቐበል። ካልኣት ሓይታት ብዘይ ሕቶ ትግራዋይ መንነትና ተቐቢሎም ኩልና ብሰላም ሓቢርና ክነብር ንኽእል፥ ቅድም ቀዳድም ንሕና ባዕልና ትግራዋይ መንነትና ብዝምልከት፥ ከውሒ ዝኾነ፣ ፈተኽ ዘይብል፣ ግልፅን ረዚንን ዝኾነ መትከልን መርገፂን ክህልወናን ክንሕዝን ከለና ጥራሕ ‘ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፥ ተገለባበጥቲ፣ ሻሕተት መተት በሃሊ ወይ ድማ ንየው ነጀው ባሃልቲ እንተ-ኾይና ግን፥ ውሕጅ ብዝመፀ፣ ንፋስ ብዝነፈሰ ቈፅሪ ተናጊዕናን ተሸራሪፍናን ምፍላስና ዘይተርፍ ‘ዩ።